# አቲ ሰበይቲ እምነትኪ ዓቢይ እዩ ከምቲ ዝደለኽዮ ይኹነልኪ።

## (ማቴ 15፡21-28፥ ማር 7፡24-30)።

ኢየሱስ አብ ተልእኮኡ ካብ መሬት አይሁድ ወጻኢ ዝተራእየለን ውሑዳት እየን። ካብአን አብ ወንጌል ተጠቒሰን እንረኽበን አብ ጢሮስን ሲዶናን ዝተባህላ ከተማታት አብ ገማግም ሚዲቴራኒያን ማእከላይ ባሕሪ አብዚ እዋን አብ ደቡብ ሊባኖስ ዝርከባ እየን። ናይ ፈኒቃውያን ከተማታት አብቲ ጊዜ ክፍሊ ሶርያ ዝነበራ እየን።ጢሮስ ሓንቲ ካብተን ባህርያዊ ወደብ ዘልኣ እያ፥ አብቲ ባሕሪ አኻውሕ አለዋ በዚ ብመራኽብ ንዋሕስ ካብ ጸላኢ ባህርያዊ መከላኸሊ ዘልአ እያ። አብ ጢሮስን ሲዶናን እዮም ባሕረኛታት ንኸዋኽብቲ ብምዕዛብ አብ ባሕሪ ጉዕዞ ክቐልል ዝገበሩ።

ሲዶን ካብ ጢሮስ 26 ማይልስ ካብ ቀፈርናሆም 60 ማይልስ ርሒቓ ትርከብ። ከምጢሮስ ባሕርያዊ ወደብ ንመራኽብ ደው መበሊ አልአ። ካብ ጥንቲ ዝነበረት ከተማ እያ መን ከም ዝመስረታ አይፍለጥን።

### ስለምንታይ እዩ ኢየሱስ አብ ምድሪ አረምን ከይዱ?

ካብ ሄሮዱስን ካብ ሰበ ሥልጣን አይሁድ ክሃድምን ንሓዋርያቱ አብ ምምሃርም ከቶኩር ኢሉ እዩ።አዕሚቒ አቢልና ክርእዮ እንተ ኾና ከአ፡

1. **ንጹሕን ዘይንጹሕን ዝብል ርድኢት።** ኢየሱስ አብ ትምህርታቱ ብዛዕባ ንጹሕን ዘይንጹሕን ንሰብ ዝጎድኦን ዘይጎድኦን ዘርክሶን ዘየርክሶን ቅድሚ ናይ እዛ ከንኣናዊት ሰበይቲ ከም ዘስተምሃረ ንርኢ። አብዚ ዘምጽኦ ነዚ አተሓሳስባ ክቕይር ስለ ዝደለ አብቶም ዘይንጹሓት ርኹሳት ዝብሃሉ ህዝቢ ከይዱ።ስለዚ እቶም አረመናውያን ዘይንጹሓት ከምዘይኮኑ ከረድእ አብ ምድረ አረመን ከይዱ። ንሳቶም አብ መንግስቲ አምላኽ ናቶም ቦታ ከምዘለዎም ከረድእ ስለ ዝደለ እዩ። ሓደ ካብቲ ኢየሱስ ዝኽሰሰሉ ዝነበረ ምስ ኃጥአንን አረማውያን ዝነበሮ ርክብ እዩ (ማር 2፡13-17)። ባዕሉ ከም ዝበሎ ንሓኪምሲ ሕሙማት ደአ እምበር ጥዑያት አይደልይዎን እዮም፥ ንኃጥአን ናብ ንስሕ እምበር ንጻድቃን ክጽውዕ አይመጻእኩን ኢሉ አስተምሂሩ ነሩ እዩ (ሉቃስ 5፡31-32)። ነዚ ርድኢት ገርና ስለምንታይ አብ ምድሪ አረመን ከምዝኸደ ክንርዳእ ንኽእል።
2. **ኢየሱስ አብ ዓዱ ብብዙሓት ተቐባልነት አይነበሮን።** ጽሓፍትን ፈሪሳውያንን ከም ኃጥእ ይርእይዎ ነሮም፥ ምኽንያቱ ሕጊ የፍርሲ አሎ ስለ ዝብሉ ዝነበሩ። ሰብ ናዝሬት ደቂ ዓዱ እዝስ ወዲ እንፈልጦ ዮሴፍን ማርያምን ዘይኮነን እናበሉ ብአስተንዕቆት ምቕባል አብዮሞ። እዝን ካልኦን ተጻብኦታት ጸሊኡ ጌና ግዚኡ ስለ ዘይበጽሐ ሰላም ክረክብ አብዚ ቦታ አረመን መጺኡ። ግን እዚ ናይ አይሁድ ምንጻግ ንአረማውያን ክምለሱ ዓቢ ዕድል ከፊቱ። ኢየሱስ አብ ዓዶም ከይዱ።እዚ በታ ዝመስረታ ቤተ ክርስትያን ዝፍጸም እዩ። ኪዱ አብ ኩሉ ዓለም ስበኹ ኢሉ ልኢኽዎም።
3. **አብ ጊዜ ኢያሱ እዚ ቦታታት ክፍሊ ግዝአት እስራኤል እዩ ነሩ።** ዓለት አሸር ሓደ ካብቶም 12 ነገድ እዚ ቦታታት እዩ በጺሕዎም (ኢያሱ 19፡28-9)። ግን ጨሪሾም አይሰዓርዎን ክርስትና ግን

ስዒርዎ። እቶም ከም ጓና ዝሕሰብ ዝነበረ ሕጂ ወዲ ዓዲ ኮይኑ። እቲ ቀደም ንህዝቡ ዝሃቦ ሕጂ ናይ ህዝቡ ኮይኑ።

ኢየሱስ አብዚ ከባቢ እንከሎ ወሪዱ ዘልአ እሞ ብኹሉ ንሱ መን ምዃኑ ዝአመነት እትመስል ሓንቲ ካንኣናዊት ሰበይቲ አይሁዳዊት ዘይኮነት ካብቲ ወሰናስን እቲ ምድሪ መጺአ *ኦ ጎይታይ ወዲ ዳዊት ራሕርሓለይ ንጓለይ ጋኔን ብኽፉእ ጊዝዋ አላ እሞ ራርኃለይ እናበለት ለመነቶ።* ማቴዎስ ወንጌላዊ ከንአናዊት ይብለና፥ እዚ ቦታ ካብቲ መጀመርያ ብከንአናውያን ተቐማጦ ከምዝነበርዎ አብ ዘፍ 10፡15 ይነግር። ማርቆስ ነዛ ሰበይቲ ሲሮፊኒቅያ ዝተወልደት ግሪኻዊት ይብለና (ማር 7፡26)። አብዚ ብዙሕ ነገር ኢና እንርእን እንምሃርን። መጀመርያ እዛ ሰበይቲ በቲ ዝነበረ አተሓሳስባ ኢየሱስ አይሁዳዊ ስለ ዝነበረ ክትቀርቦ አይግብአን ነሩ ግን እምነት ስለ ዝገበረት ደፊራ ቐሪባቶ። እምነት ብባህልታትን ስርዓታትን አይዕገትን እዩ። እምነት ክንደፍር ይሕግዘና። ጸገም ዝመጽእ ላንጋ ላንጋ ወይ ከአ ዘይንአምን ክንከውን እንከሎና እዩ።

ብሓፈሻ ክንርእዮ ከሎና ጸሎት ናይ እዛ ሰበይቲ ንጹር እዩ ነሩ፥ ንኢየሱስ ከም መስሕ ፈሊጣን አሚናን ወዲ ዳዊት ትብሎ፥ እዚ ኸአ ምስቲ ናይ አይሁድ ይጻረር። ዘድልያ ብቐሊል ቃላት ግን አነጺራ ቀጺላ በቲ ዝተባህላ ከይተዓንቀፈት ብትሕትና አብ ቅድሚ እቲ ዝአመነቶ ተደፊኣ እናሰገደት ራሕርሓለይ እናበለት ለሚና። ጸሎትና ከምዚ ዝበለ ዓይነት እምነት ሓቦ ጽንዓትን ትሕትናን ዝለበሰ ክኸውን ይግባእ።

ካልአይ እዛ ሰበይቲ ምእንቲ ጓላ እያ እትልምን ዘላ ስለዚ ንጓላ ካብ ኢየሱስ ምሕረት ለሚናትላ፥ አብዚ እንምሃሮ ንሰባት አብ ኢየሱስ ዘለዎ አምጺእካ ምኽአል። ኢየሱስ አብዘለዎ ምሕረት ሰላም ፍቕሪ ዕግበት ሰለ ዘሎ አብኡ አምጺእካን መጺእካን ምኽአል የድሊ። እዛ ሰበይቲ አብ ኢየሱስ ቀሪባ ምእንቲ ጓላ ምሕረት ለሚና ግን ራሕርሓለይ እያ ኢላ ምሕረት ጓላ ምሕረታ፥ ሕማም ጓል ሕማማ ገራ ስለ ዝርአየት። ንጓለይ ራሕርሓላ አይበለትን ንኣይ ራሕርሓለይ ኢላ ለሚና። አብዚ ፍቕሪ ወላዲት ከምኡ ንሰባት ከም ርእስና ክነፍቅር እንከሎና እንገብሮ ኢና እንርኢ። አብ ኢየሱስ ክንቀርብ መጀመርያ ብፍቕሪ ዝተገዛእና ክንከውን የድሊ። ፍቕሪ አብ ኢየሱስ ክንአምንን ክንቀርብን ይሕግዘና።

ብናይ ግልና ወይስ ብናይ ስድራና ጸገም ምስ ወረደና አብ መን ንኸይድ ብርግጽ ዘሎናዮ ዘመን ሕክምና ብዝበለጸ ስለ ዝሕግዝ አብ ሕክምና ኢና እንጎዪ ኮይኑ ግን ማዕሪ ማዕሪኡ አብ ኢየሱስ ብጸሎት ብመስዋዕቲ ቅዳሴ ከምኡ እውን ስርዓት ዘድልዮ እንተ ኾነ ካህን ክንጽውዕ ክንናዘዝ ቅብአ ሕሙማን ክንቕበል ክንሕትት አሎና። ቦታ አምላኽ ብኻልእ ክንትክኦ የብልናን። ሰብ ክሓመና እንከሎ አብ ካህና አብ አምላኽና ክንከይድ ይግባእ። ማዕረ ማዕሪኡ ከአ አብ ሕክምና ክንከይድ ይግባእ።

እዛ ጓል እዚአ ሰበይቲ ብሓቂ ብጋኔን ተታሕዛ ወይ ካልእ ባህርያዊ አካላዊ ወይ አእምራዊ ሕማም ሓሚማ እንተ ኾይና ዘገድስ አይ ኮነን። እዛ ሰበይቲ እምነት ገራ አብ ኢየሱስ ስለ ዝቐረበት እንታይ ምዃኑ ብዘየገድስ አብ ኢየሱስ ብምእንነት ቀሪባ አላ። ኦ ጎይታ ወዲ ዳዊት ክትብል እንከላ ነቲ ዝመጽእ መስሕ ብነብያት ዝነተግሮ እያ ትብል ዘላ። ስለዚ ንስኻ እቲ ዝመጽእ መስሕ ኢኻ ራሕርሓለይ ኢላቶ። ኢየሱስ በቶም ምሕረት ዝደልዩ ወዲ ዳዊት ይብልዎ  ከም ዝነበሩ አብ ካልእ አጋጣሚታት ንርኢ፥ ንአብነት እቶም ክልተ ዕዉራት አብ ዘፈር መገዲ ኮይኖም ዝለመኑ *ኦ ጎይታ ወዲ ዳዊት ምሓረና እናበሉ ጨርሑ* (ማቴ 20፡30) ይብለና። እቲ ብነብያት ስተሰብከ እቲ ንአምላኽን ዓለምን ዝዓርቕ ንስኻ ኢኻ ይብልዎ።

ኢየሱስ ኣብ ዝሃቦ መልሲ ብሓቂ ዘሰንብድ እዩ ብፍላይ ንኣና ካብቲ ባህሊ ኣይሁድ ወጻኢ እንርከብ። ኣብ መጀመርያ እናጭረሐት እንከላ ሱቕ ኢሉ ሰሚዑ እንከሎ ከምዘይሰምዐ ኮይኑ ይኸይድ ነሩ። ደቀ መዛምርቱ ቐሪቦም በጃኻ ደድኅረና ትጠርዕ ኣላ እሞ ኣፋንዋ ኢሎም ምስ ለመኑ ዝገደደ መልሲ ሂብዎም። ኣብዚ መጀመርያ እንምሃሮ ደጋጊምምካ ምጽላይ ምልማን ንእምነት ከምዘጽንዖ። ኢየሱስ ነዛ ሰበይቲ ይሰምዓ ነሩ እዩ ግን መልሲ ኣይሃባን። ምኽንያቱ እኳ ብንጹር እንተ ዘይፈለጥና ገለ እዋን ኣብ ኣምላኽ ክንጠርዕ ክንልምን እንከሎና ቀልጢፍና መልሲ እንተ ዘይረኸብና ተስፋ ክንቆርጽ ዘይኮነ ቀጺልና ክንልምን ከምዘሎና ንርኢ። ብእመንት እዛ ሰበይቲ ነቶም ምስኡ ዝነበሩ ክገብርዎ ዘለዎም ክምህሮም ስለ ዝደለ እዩ።

ኣብ እንልምኖ ጊዜ ሓገዝ ኣማልድቲ ንነገርና ብዝያዳ ዘስምዑ የድልዩና። ሓዋርያት ጥርዓን እዛ ሰበይቲ ኣብ ኢየሱስ ኣብጺሖሞ። በጃኻ ስምዓያ ትበኪ ኣላ ኢሎሞ። ማርያም ኣደና ቅዱሳን ኩሎም ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ እዚ እዮም ዝገብሩልና። ስምዓዮም ይጭነቑ ይበኽዩ ኣለዉ ይብሉልና እቲ መልሲ ግን ካብ ኢየሱስ እዩ። ዘማልድ እንተሎካ ነገርካ ዳርጋ ይሰልጠልካ እዩ። ወላ ኣብዚ ዓለም ብግብሪ እንርእዮ እዩ። ንሰባት ብዝፈልጥዎም ክትመጽኦምን ብባዕልኻ ክትመጽኦም እንከሎኻን ሰማይን ምድርን እዩ።

ኣብዚ ልመና ዝተዋህበ መልሲ ከቢድ ክትሰምዖ እዩ። ብዘይካ ናብተን ዝጠፍአ ኣባግዕ ቤት እስራኤል ኣይተልኣኽኩን ኢሉ መሊስሎም። ብርግጽ ተልእኮ ኢየሱስ መጀመርያ ንእስራኤላውያን እዩ፥ ነዚ ዘረጋግጸልና ኣብ ሮሜ 1፡16 ብወንጌል ኣይኃፍርን እየ ከመይ ውንጌል ንዚኣምን ዘበለ ኹሉ ቅድም ንኣይሁዳዊ ድኃር ንኣረማዊ ዜድኅን ኃይሊ ኣምላኽ እዩ ዝብል ንረክብ። እዛ ተባዕ ሰበይት ነዚ ነጻጊ ቃላት እናሰምዐት ኅይታይ ርድኣኒ እናበለት ቀሪባ ሰገደትሉ። ብሓቂ ፈታኒ መልሲ እናሰምዐት ኣብ ኢየሱስ ቀሪባ እናሰገደት ኣብ ካልእ እሞ ኣብ መን ክኸይድ ንስኻ ጥራሕ ኢኻ እትረድኣና እናበለ ደጊማ ለመነቶ። ኣብዚ እውን ጽንዓት እምነት ዘምጽኦ ንርኢ። ኣማናይ ኣብ ጉዕዞ እምነት እንከሎ ብርቱዕ ፈተና ይገጥሞ እዩ፥ ኣትኩርኡ ኣብ ኢየሱስ እምበር ኣብቲ ዝገጠሞ ከይድሃበ ዝቕጽል ዕዉት እዩ። ብዙሕ ጊዜ ኣብ ዝተጓነፈና ፈተናንን ጸገምን ስለ እንድህብ ተስፋ ቍርጸትን ጉድለት እምነትን የጥቅዓና።

ኢየሱስ ነዛ ብምሉእ እምነት ዝቐረበቶ መሊሱ እንጌራ ውሉድ ኣልዒልካ ነኽላባት ምሃብ ጽቡቕ ኣይኮነን ኢልዋ። ከምዘሎ ክንርእዮ ከሎና ዘሰንብድ መልሲ እዩ። ኣብ ጊዜ ኢየሱስ ኣኽላባት ከምዚ ሎሚ ዘይኮነ ዝፍተዉ እንስሳ ኣይ ኮኑን። ብዙሕ ጊዜ ከልቢ ዝብል ናይ ክብረት ዘይብሉ፥ ኣብዝን ኣብትን ዝብል ቀዋሚ ሓሳብ ወይ ግብሪ ዘይብሉ እዩ ዘስምዕ። ኣብ ግሪኻውያን ከልቢ ክብሃል እንከሎ ዘይትሓፍርን ዓሻ ድፍረት ዘልኣ ሰበይቲ እዩ ዘስምዕ። ንኣይሁድ ዋጋ ዘይብሉ ንውቕ የስምዕ። ቅዱስ ነገር ነኽላባት ኣይትሃቡ (ማቴ 7፡6)፥ ካብቶም ኣኽላባት ተጠንቀቑ ካብቶም ገበርቲ እከይ ተጠንቀቑ፥ ካብቶም ተገዘሩ እናበሉ ሥጋ ሰብ ዝቖራርጹ ተጠንቀቑ (ፊሊጵ 3፡2)፥ እቶም ኣኽላባትን ጠንቆልትን ኣመንዝራታትን ቀተልቲ ሰብን መምለኽቲ ጣዖትን ኵሎም እቶም ንሓሶት ዚፈትዉዎን ዚገብርዎን ዘበሉ ግና ኻብታ ኸተማ ወፃኢ እዮም (ራእ 22፡15)።

ከልቢ ዝብል ኣብ ኣይሁድ ነቶም ኣረማውያን ብናይ ንዕቀት ዝብልዎ ቃል እዩ። ኢሳያስ 56፡11 ነቶም መራሕቲ እስራኤል ክነቕፎም እንከሎ ከምቶም ከቶ ዘይጸግቡ ህሩፋት ኣኽላባት እዮም፥ እናበለ ይገልጾም። ኣኽላባት ህሩፋትን ዘይጸግቡን እዮም ዝብል ርድኢት ኣልኦም።

ብከመይ ትርእዮ ከልቢ ዝብል ቃል ብዘየገድስ ጸርፊ እዩ። እሞ ነዚ ኢየሱስ ዝብሎ ብከመይ ንገልጾ።

ሀ. ነቲ ቃል ከምቲ ኩሉ ዝብሎን ዝርድኦን ኣይ ኮነንን ተጠቒምሉ። ከልቢ ክብል እንከሎ ነቲ ኩርኩር ንእሽቶይ ፍቱው እዩ ዘስምዕ። ንእሽቶይ ኩርኩር ብኹሉ ፍቱው እዩ ዘስምዕ እምበር ንዓቢ ከልቢ ኣብ ጎደና ዙንዙን ዝብል ኣይ ኮነንን ዘስምዕ። ኢየሱስ ነዚ ቃል ክጥቀመሉ እንከሎ ነቲ ክፉእ ትርጉሙ ኣልዩ እዩ ተጠቒምሉ።

ለ. ብርግጽ እቲ ኣበሃህላን ሓይሊ ቃልን እዩ ቀንዲ። ሓደ ቃል ከምቲ ዘድመጽካዮን ዝበልካዮን ብማዕረ ጸርፊ ወይ ከአ ናይ ፍቕሪ መግለጺ ክኸውን ይኽእል። ንሓደ ሰብ ኣረጊት ክንብሎ እንከሎና ከከምኣበሃህላና ከም ጸርፊ ወይ ከአ ከም ናይ ፍቕሪ መጸውዒ ክንጥቀመሉ ንኽእል። ኢየሱስ ኩሉ ጊዜ ኣብ ዝጥቀሞ ቃላት ነቲ መርዛም ወይ ሕማቕ ትርጉም ይኣልዮ እዩ።

ሐ. ኢየሱስ ኩሉ ጊዜ ንሓደ ነገር ክብል እንከሎ ነቲ ማዕጾ ኣይዓጽዎን እዩ። ነቲኣ ሰበይቲ መጀመርያ እቶም ቆልዑት ክምገቡ ኣለዎም ድሕሪኡ ተረፍ ነቶም ኣኽላባት። ኣብዚ እስራኤል ነቲ መጀመርያ ህያብ ወንጌል ተቐቢላ ድሓር ግን ካልኦት ዝስዕቡ ኣለዉ። እዛ ሰበይቲ ኢየሱስ ዝብላ ዘሎ ብጽልኢ ኣይረአየቶን እኳድአ በቲ ልሙድ ኣዘራርባ ቆልዑት ክበልዑ እንከለዉ ብኢዶም ስለ ዝበልዑ የውድቑ ነቲ ዝወደቐ ኮራኹር ደርሁ ድሙ ይበልዕዎ ስለዚ ከምቶም ኮራኹር ቊጻረኒ ክትብል እንከላ ብዓይኒ ጸርፊ ርእያ ዘይኮነት ብዓይኒ ሓልዮት እያ ርእያቶ። በዚ ኸአ ኣበሃህላኣ ኣሓጉሽዎ መልሲ እምነታ ተቐቢላ። ኣቲ ሰበይቲ እምነትኪ ዓቢይ እዩ ከምቲ ዝደለኽዮ ይኹነልኪ ኢሉ መሊስላ።

እምነታ ተፈቲና ግን መልሲ ኸአ ረኺባ። እዚኣ ሰበይቲ ነቶም ኣረማውያን ነቲ ኣይሁድ ደቂ ቤት ህብስቲ ሰመይ ዝኣበይዎ ኣረማውያን ዝተቐበልዎ ትውክል። ኣብዚ ኢየሱስ ነቲ ክመጽእ ዘለዎ ምልክት ይህብ። ኣባልነት ኣብ ህዝበ ኣምላኽ ብትውልዲ ወይ ብግዝረት ወይ ብዓለት ዘይኮነ ኣብ ኢየሱስ ከም ጎይታ ዘሎካ እምነት እዩ።

ከምዚ ዝኣመሰለ ጽቡቕ ኣጋጣሚ እዩ ንሕና እውን ኣብውሽጥና እትው ኢልና ኣብ ልዕሊ ካልኦት ዓለት ወይ ወገን፥ ጋንታ ካባና ፍሉያት ኣብ ዝኾኑ ዘሎና ኣረኣእያ ክንርኢ። ኣብ ቃልናን ግብርና ክሳብ ክንደይ ንኹሉ ዘጠቓልለ እዩ ርድኢትናን ኣተሓሳስባናን። ኣብ ቊምስና ኣብ ቤተ ክርስትያና ብሓበራ ነቶም ካባና ዘይኮኑ ወጻእተኛታት ብኸመይ ንቕበሎምን ንሕግዞምን? እዝን ካልእን ሕቶታት ዝተፈላለዩ ዓለት ወገን ኣብ ዝሓዘ ማኅበር ኣድለይቲ እዮም። እዛ ከንኣናዊት ሰበይቲ ከም ኣብነትና ወሲድና እምነት ቀዳምነት ሂብና ኣብ ኢየሱስ ንቕረብ።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ